ቦታ ስራሕ ዶ ትምህርቲ?

ንመሰረታዊ ትምህርቲ ሙያ (ፌደራላዊ ምስክር ወረቐት ሙያ) ወይ ድማ (ፌደራላዊ ምስክር ወረቐት ክእለት) ምስ ፈጸምኩም ዝተፈላለየ ኣጋጣሚታትን ዕድላትን ይኽፈተልኩም እዩ: ሓደ ናይ ስራሕ ቦታ፣ ሓደ ቀጻሊ መሰረታዊ ትምህርቲ ሙያ፣ ነቲ ማትሪክ ሙያ ንምርካብ ምግባር፣ ንሓደ ፈተና ሙያ ምቅርራብ፣ ኣብ ሓደ ዝለዓለ ቤት ትምህርቲ ዓውደ ትምህርቲ ወይ ድማ ኣብ ሓደ ዩኒቨርስቲ ዓውደ ሙያ ምምሃር።

ተግባራዊ ተሞክሮ ምጥራይ

በዚ ኣብዚ እዋን ዘሎ ናይ ትምህርቲ ስርዓት፣ ነየናይ ናይ ትምህርቲ መገዲ፣ ከምኡውን ነየናይ ሙያ እስኹም ከም ዝመረጽኩም፣ ብዙሕ ኣገዳሲ ኣይኮነን። ብዙሕ ኣገዳሲ ዝኾነ፣ ነቲ ተቐሪቡልኩም ዘሎ ዕድላትን ኣጋጣሚታትን ከመይ ከም ትጥቀሙሉ እዩ። ደረጃ ትምህርትኹም ክብ ዝበለ እንተኾይኑ፣ ከምኡ ድማ እቲ ቁጠባዊ ነፍሰ ወናንትኩም ኣብ ዝሓሸ መሰረት ይቐውም፣ እቲ ናይ ስራሕን ህይወትን ሚዛንኩም ብዝተኻእለ መጠን ኣቐድም ኣቢልኩም ክትበጽሕዎ ትኽእሉ፣ ብዝሓሸ መገዲ እውን ነቲ ኣጸጋሚ ዝኾነ ናይ ህይወት እዋናት መፍትሒ ክትረኽቡሉ ትኽእሉ፣ እንተሓመምኩም፣ ስራሕ ኣልዮ ኣንትኹንኩም ወይ ድማ እንተተፋታሕኩም።

ምናልባሽ ድሕሪ እቲ ናይ መጀመርታ መሰረታዊ ትምህርቲ ሙያ ክትሰርሑ ትደልዩ ትኾኑ። ንነፍስኹም ወናኒን ብቐጠባ እውን ነጻ ምእንቲ ኽትኮኑ፣ እኹል ዝኾነ መሃያ ክትረኽቡ ትደልዩ። ምናልባሽ እውን – ብውሑዱ ኣብዚ እዋን – ብፍጹም ንቤት ትምህርቲ ክትኸዱ ኣይትደልዩን ትኾኑ፣ እንታይ ደኣ ተግባራዊ ዝኾነ ተሞክሮ ከተጥርዩን ነቲ ታሪኽ ተሞክሮኹም ድማ በዚ መገዲ ክትቅርብዎ ትደልዩ ትኾኑ።

ንሓደ ናይ ስራሕ ቦታ ምምልካት

ንሓደ ስራሕ ንምምልካት ሓፈሻዊ ዝኮነ መምርሒ የለን። ምስ የዕሩኽትኹም፣ መሓዙትኩምን ትፈልጥዎምን ሰባት እንታይ ዓይነት ስራሕ ትደልዩ ከም ዘለኹም ተዛረቡ ከምኡውን ብዛዕባ መደብኩም ተማየጡ። ነቲ ዘለኩም መርበብ ዝምድና ተጠቀሙ። ብጣዕሚ ብዙሓት ስራሓት ብኽምዚ ዓይነት መገዲ እየን ዝርከባ። ኣብዚ ስጉምቲ ዝምድና ' ውን ብጣዕሚ እዩ ዝሕግዝ። ኣብ መርበብ ሓበሬታ ብዙሕ ጠቓሚ ዝኾነ ኣንፊ ብዛዕባ ምድላይ ስራሕ፣ ዘሎ ክፋት ቦታ ስራሕን ኣገባብ ምምልካት ትረኽቡ ኢኹም።

ቀጻሊ ትምህርቲ ኣብ ትካል

ድሕሪ እቲ መሰረታዊ ትምህርቲ ሙያ ትሰርሑ። ኣብቲ ትካል ጽቡቕ ስምዒት ይስምዓኩም። ምስቶም መሳርሕትኹም ደስ እንዳበለኩም ትሰርሑ ከምኡውን እቲ ዘለኩም ዕማም ዝስሕብ እዩ። እስኹም ዝበገሐሉ ሓላፍነት ክትሽከሙ ትደልዩ፣ ኣብዚ እዋን ግን ቀጻሊ ቤት ትምህርታዊ ቀጻሊ ትምህርቲ ክትፍጽሙ ኣይትደልዩን ኢኹም። ብፍላይ እተን ዓበይቲ ትካላት ውሽጣዊ ዝኾነ ቀረብ ቀጻሊ ትምህርቲ ኣለወን። ኣብቲ ትካልኩም ውሽጣዊ ቀጻሊ ትምህርቲ ክትምሃሩ ትኽእሉ እንተኾኑኩም ወይ ድማ ሓደ ኣብ ውሽጢ ስራሕ ምውሳኽ ብቕዓት ዘሎ እንተኾነ ሕተቱ።

ንሓደ ካብ ትካል ወጻኢ ቀጻሊ ትምህርቲ በቲ ትካል ዝግበር ደገፍ

ብሓደ ቀጻሊ ትምህርቲ ነቲ ዘለኩም ሙያዊ ብቕዓት እንተ ኣጥሊቕኩምን ኣስፊሕኩምን፣ ነቲ ዘሰርሓኩም እውን እዚ ይጠቅም እዩ። እቲ ዘሰርሓኩም ትካል ንቐጻሊ ትምህርቲ ወይ ብቐጠባ ዝድግፈኩም እንተኾነ ወይ ድማ ንሓደ ቀጻሊ ትምህርቲ ንኽትመሃሩ፣ ነቲ እዋን ትምህርቲ ዘድልየኩም ጊዜ ዝህበኩም እንተኾነ ኣጻርዩ።